# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.23 | ቀዳም 26 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3

መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

ገጽ 5

ካብ ደርፍታት ኣሽንዳ

ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 10
ታሪኽ'ጅግንነት ምስ ሰብ ታሪኽ ክይቅበር!


ገጽ 11
ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2026 . . .


## ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ ኣኼባ ዝኽሪ ምእዋጅ 'መሰል ልምዓት' መደረ ኣስሚዑ

ኣብ መጋባእያታት መበል 81 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዝሳተፍ ዘሎ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ23 መስከረም ብምኽንያት መበል 40 ዓመት ዝኽሪ ምእዋጅ 'መሰል ልምዓት' ኣብ ዝተቓነ ኣኼባ፡ ንመርገጽን ርእይቶን ኤርትራ ዝጸረ መደረ ኣስሚዑ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ መደረኡ፡ ህልው ዓለማዊ ቀጠባዊ መዋቕር፡ ኑተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝቐጽዕ ዘይሚዛናዊ ኩይኑ ይቕጽል ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ዘይፍትሓዊ ንግዳዊ ደገፋት፣ ፊናንሳዊ ማሕንቖታት፣ ከበድ ጸር ዕዳ፡ ከምኡ'ውን በይናዊ ቀጻዒ ስጉምቲታት፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ደብዓዊ ንፍቀ-ክበ፡ ንከኒታተን ዝምጥንን ንድሌታተን ዝምልስን ናጻ ፖሊሲታት ከይክተላ ዕንቅፋት ኩይኑወን ስለ ዘሎ፡ ዚ ብዘበልጸጋ ሃገራት ዝተቐርጸ ሕጋጋት ክኽተላ ይግደዳ ምህላወን ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ዚ ንቻርተር ሕቡራት ሃገራትን መሰረታዊ መሰላት ኣህዛብን ዝጻረር ኣካይዳ ከምእትቃወሞ ኣረጋጊጹ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዒቡ፡ ትግባረ መሰል ንልምዓት ንምቅልጣፍ፡ ከምኡ'ውን ፍትሓውን ዘላቕን መጻኢ ንምውሓስ፡ ሃገራት ዝምእምኣን ናጻ ፖሊቲካዊ መስመርን ልምዓታዊ ፖሊሲን ክቕርጻ ዘለወን መሰል ክኽበር፡ ተጠቃምነት ጸጋታት፡ ቴክኖሎጂን ኣህጉራዊ ዕዳጋታትን ዝዕንቅጽ በይናዊ ቀጻዒ ስጉምቲታት ክውገድ፣ ሓቀኛ ወኽልናን ርትዓዊ ሕግታትን ልምዓት ንምርግጋጽ፡ ፋይናንስያውን ቀጠባውን ትካላት ዳግመ ህደሳ ክግበረለን፡ ከምኡ'ውን ናይ ልምዓት መሰል ክውን ንምግባር፡ ሕጋዊ ኣሳሪ ኣልያ ክህሉ ከም ዘድሊ ኣብሪሁ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣብ ጸብጻብ ኩነታት ህጻናት ኣፍሪቃ ናይ ዓመት 2026 ኣብ ዝዘተየ ኣኼባ ተሳቲፉ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኣፍሪቃ፡ ልምዓት ንምቅልጣፍ ዝሕግዘ ተመክሮ፡ ትካላትን ፍታሓትን ከም ዘለዋ፣ እቲ ቀንዲ ብድሆ ግና መብጽዓታት ብዝኣቕሑ ዘይምትግባር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ዚ ክውን ንምግባር ድልዱል ሃገራዊ ትካላት፡ ቀጻሊ ምወላ፡ ከምኡ'ውን ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺን ኣገልግሎታትን ከም ዘድሊ ኣገዝዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ደሊታትን ባህግታትን ህጻናት ኣፍሪቃ፡ ካብ ቀዳምነታት ኣህጉርና ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ሰፊሩ ዘሎ መርትዖታት፡ ነቲ ዘሎ ብድሆታት ንምግጽብራቕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከም ጸወዒት ንስጉምቲ ከገልግል ከም ዝኾኖ ኣዘኻኺሩ።



## ኤርትራ፡ ኣብ ካናዳ ኣብ ዝተኻየደ 'መበል 195 ጉባኤ ዓለምለኻዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ' ተሳቲፋ



ኤርትራ፡ ብ23 መስከረም ኣብ ሞንትርያል - ካናዳ ኣብ ዝተቓነዐ መበል 195 ሓፈሻዊ ዓመታዊ ጉባኤ ዓለምለኻዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ (ዩሲኣይ) ተሳቲፋ።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣቶ ተመስገን ረዳኢን ዋና ጸሓፊ ኣቶ ምስጉና ሃይለን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ንእሽቱ ኣተኩራ እተካይዶ ስልጠናታትን ወጽኢ፡ቱን፡ ብቐጻሊ ዝሰራዕ ውድድራትን ኺጋስጉ፡ ከምኡ'ውን ብደረጃ ኣህጉር ኣፍሪቃ ይኹን ዓለምለኸ ኣብ ዝውደብ ውድድራት ተርእዮ ዘላ ልዑል ተወዳዳርነትን ብቕዓትን ተመዝግቦ ዘላ ዓወታትን ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘፈርዩን ንዘለዓለ ስልጠና ዕድል ክረኽቡ ንዘዮዝበኦምን ተቐዲደምቲ፡ ኣብ ማእከል ስልጠና 'ዩሲኣይ' ዕድላት ክረኽቡ ንእተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ኣመልኪቶም'ውን መብርሂ ሂቦም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ቅድድም ብሽክለታ እትገብሮ ዘላ ጻዕርን ዓለምለኻዊ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ 'ዩሲኣይ' ኣብ ዘካይዶ ንጥፈታት ዘለዋ ንጡፍ ተሳትፎን ተመጕሱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣቶ ሳምሶን ሰለሙን፡ ብ23 መስከረም ኣብ ዝተጋብአ ንቴክኒካዊ ኣሰራርሓ 'ዩሲኣይ' ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ዝምልከት ኣኼባ ተሳቲፉ።

ኤርትራ፡ ኣብ ዝቐጽል መዓልታት ኣብ ካናዳ ኣብ ዝካየድ ናይ 'ዩሲኣይ' ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ከምእትሳተፍ ተሪሊጡ'ሎ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

# መልእኽቲ ዓለማዊ መዓልቲ ቱሪዝም

ሎሚ ዓመት ዓለማዊ መዓልቲ ቱሪዝም ሒዝዎ ዘሎ ቴማ ዲጂታላዊ ዛዕባን ሰብ ዝሰርሖ ብልሕን ኣብ ዳግመ ምንዳፍ ቱሪዝም ብዝብል ዛዕባ ኣብ ማእከላይ ኣመሪካ ሃገረ ኤልሳቫዶር ብደረጃ ዓለም ንመበል 47 ዓመቱ ኮይኑ፡ ብደረጃ ሃገርና ድማ ንመበል 31 ዓመቱ ይኽበር ኣሎ።

ውድብ ቱሪዝም ኣብዚ ዛዕባ ቀንዲ ኣተኩሮ ገይሩሉ ዘሎ ሽንኽ ኣብዞም ዝስዕቡ እዮም፥

- **ቴክኖሎጂያዊ ምህዞ** (Technological innovation)

ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ብምጥቃም ተጕዓዝቲ ብኸመይ ኣገዳሲ ንዝበጽሕዎም ቦታታት ኣለልዮም ውጥኖም ይነድፉን፡ ብተወሳኺ ኣብ ጉዕዞኦም እንታይ ተመክሮ ይቐስሙን ገምጋም የቕርቡን።

- **ብሉጽ ውሳኔታት** (Smart decision making)

መንግስታውያን ብሕታውያን ትካላት ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ተሓጊዞም ንዝወሰንዎ ውሳኔታት ቅርጡውን ዘላቒን ዝኾኑሉ መገዲ ምንዳይ።

- **ምምዕባል ኣፍራዪ ዓቕሚ ሰብ** (work force Skill's)

እቲ ቐንዲ ክትትኩረሉ ዘለዎ ንዘመናዊ ቱሪዝም ዝምጥን ዲጂታላዊ ክእለትን ሞያን ዝዓጠቐ ዓቕሚ ሰብ ብስልጠና ምድላው።

ኣብዚታት ኣብ ባይታ ዝሰርሓሎም ዘሎ ውጽኢት ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ (AI) ንምጥቃስ፡

- **ኣብ ክፍሊ መሸጣን ምውዕዋዕን** (Marketing and Advertising)

ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝነብሩ መሳርሒታት ክፍሊ መሸጣ ኣብ ምግስጋስ ውልቃውነት ዝለበሱን ፍሉይ መለለዪ ዘለዎም መሸጣታትን ዓቢ ተራ ይጻወት።

- **ህጹጽ ግብረ መልሲ** (Emergency Response)

ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝነብሩ መሳርሒታት ስርዓት ናይ ህጹጽ ግብረ መልሲ ንዝጠፍኡ በጻሕቲ ናብ ዝደለይዎ ቦታ ንምሕባርን ህጹጽ ሓገዝ ንምቕራብን ቅልጡፍ ግብረ መልሲ ንኽህሉ ይሕግዝ።

- **ገጽ ንምልላይ ዝሕግዝ ቴክኖሎጂ** (Facial Recognition)

እዚ ገጽ ንምልላይ ዝሕግዝ ቴክኖሎጂ ኣብ ድሕነት ምቆጻጸርን (Surveillance) በጻሕቲ ብፍሉይ ክተለልዮምን ከምኡ ድማ እኩብ ህዝቢ ብግቡእ ክተመሓድርን ይሕግዝ።

- **ተቐራራብነትን ምውህሃድን** (Accessibility and Inclusion)

ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝነብሩ መሳርሒታት ንኣኣንገድትን በጻሕትን ጥቡቕ ዝኾነ ናይ ቋንቋ ምልክት ምትርጓምን ርሑው ርኹበን ብሓፈሻ ድማ ቅልል ዝበለ ርኹበን ክፈጥረሎም ይሕግዝ።

በዚ መሰረት ከም ኢንዳስትሪ ቱሪዝም ምስቲ ዓለም በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ብምዝማድ ኻ. ሰብ ዝሰርሖ ብልሕን ዲጂታላዊ መሳርሒታትን ምስ ፍርያት ቱሪዝም (Tourism Products) ተወሃሂዱ ዝኑበዩሉ ግንዛበ ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ብሓፈሻ ትግባረ ዲጂታላዊ ትሕተ ቅርጺ ግዜኡ እኳ እንተ ዘይተኣ ኣተኣማሚ ትሕተ ቅርጽን ጸጋን ኣብ ዝዋደደሉ እዋን ኻ. ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ኣብ ትግባረ ንምውዓል ምትሕብባር ኣብ መንጎ መሻርኽቲ ትካላት መንግስትን ብሕታውያን ትካላትን ኣብዚ ቴክኖሎጂያዊ ዓውዲ ዝጠየፉ ሞያውያን/ክኢላታትን ኣበርክቶኦም ኣገዳሲ ምዃኑ መዘኻኸሪ ዘድልዮ እዩ። ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ተኽእሎኡ ኣብ ሃገራዊ ዕብየት ብፍላይ ድማ ኣብ ኢንዳስትሪ ቱሪዝም ርሒብ ምዃኑ ንፖሊሲ ቱሪዝም ብዘደንፍዕ መዳይ ንባህልን ማሕበራዊ ክብርታትን ተፈጥሮኣውን ሰብ ዝሰርሖም ጸጋታትን ዝዕቅበሉን ንዘላቒ ቱሪዝም ዝድርዕ መንገዲ ዘማእከለን መደብ ምድላው ግድነታውን ኣገዳስን ይገብሮ።

ኣብ መደምደምታ ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ሃገርና ዘለወን ተክኖሎጂያዊ መሳለጥያታት ድሩት ምዃኑ ርዱእ እኳ እንተኾነ ግዜኡ ሓልዩ ናብ ስራሕ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ዝቕርብዎ ኣገልግሎት ሃንፍ ንኸይህልዎ ዓቕሚ ሰቦም ምስ ዲጂታላዊ ክእለት ዝተሓሓዘ ስልጠና ብምስታፍ ሞያዊ ዓቕሞም ብምውላዕ፡ ንዝመጽእ ናይ ስራሕ ለውጥታት ክዳለዉ ለበዋና ነመሓላልፍ።

**ሚኒስትሪ ቱሪዝም**
**መስከረም** 27/2026

ዜና

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ "ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንዳግመ ክለሳ ቱሪዝም" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ 25 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ኣሸኩሉ መንቀርያስ ዝተረኽበትሉ መደብ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል ወ/ሮ ልያ ጉብረኣብ፡ ኤርትራ ሃገርና - ምስ ዝጸንሐ ዕንቅፋታትን ተጻብኦታትን ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ምዕባለ ጽላት ቱሪዝማዊኳ እንተ ዘይበጽሐት፡ ካብ ብኮለን ምዝመዛን ብምሕያብ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ኣተባባዒ ውጽኢት ተመዝጊቡ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት - ሰሉጥ፡ ጽፉፍን ተወዳዳርን ኣገልግሎት ከረጋግጹ ጸዊዖ።

ኣቦመንበር ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኣቶ ሰለሙን ግርማይ ብወገኑ፡ እቲ መደብ - ኣባላት ማሕበር ኣብ ምምዕባል ቱሪዝማዊ ጸጋታት ብሓፈሻ፡ ኣብ መደባት ልምዓት ድማ ብፍላይ ተሳትፎኦም ከዕዝዙ ንምዝኽኻር ሓጊዚ ከም ዝኾነ ገሊጹ።



ስእሊ. ሮቤል መረስዕ

በዚ ኣጋጣሚ፡ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም፡ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ካብ 25 ክሳብ 28 መስከረም ዝጸንሕ ሰኣላዊ ምርኢት፣ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ፍርያተን ዘላልያሉን ዘኣንግዓሉን ባይታ ከም ኡ'ውን ንቐልዑ ኣብ ግምት ዘእተወ ናይ ምዝንጋዕ መደባት ዘጠቓልል ቅነ ቱሪዝም ኣዳልዩ'ሎ።

እቲ ሰኣላዊ ምርኢት፡ ኣብ ጎኒ ኣብዮት-ጽሕፈት ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ሚኒስትሪ ፍትሕን'ዩ ቀሪቡ ዘሎ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ብ24 መስከረም ኣብ ባጽዕ ንወሃብቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስ ጸጋታት ቱሪዝም ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዘላሊ ርክብ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ብኣባል ቤት-ማዘክር ዞባ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ ንሓፈሻዊ ትሕዝቶ ቅርሰታትን ኣመሰራርታን ከተማ ባጽዕ፣ ኣሰር ፍልቀት ወዲሰብ ናይ ቡያ፣ ርኽበት ዓጽሚ ሓርማዝ ኣብ ዶጎሊ፡ ከምኡ'ውን ደሴታት ሓቐፊንኦ ዘለዋ ቅርሰታትን ባህርያዊ ጸጋታትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ዓመት መጸ 27 መስከረም እትውዕል ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ብደረጃ ሃገር ንመበል 31 ግዜ ብደረጃ ዓለም ድማ፡ ንመበል 47 ግዜ'ያ ትዝከር ዘላ።

# ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመረቑ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡሳን ዞባታት ሓጋዝን ሓመልማሎን ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ ልዕሊ 250 መንእሰያት፡ ብ22ን 23ን መስከረም ተመረቑ።

ሰልጠንቲ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያታት ኤለክትሪክ፡ ኮምፕዩተር፡ ሰራሕቲ ጸጉሪ ርእሲ፡ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ካራተን መሳርሒታት መዚቃን ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 230፣ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ስልጠና ምምልኻዕ (ሜክ ኣፕ) ዝቐሰሙ 21 ደቂ ኣንስትዮ ይርከብዎም።

ሓለፍቲ ህማመተኤ ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝሰምዕዎ ቃል፡ ሞያዊ ዓቕምን ፍልጠትን መንእሰያት ብምፍታሽ ንዝያዳ ውጽኢት ልዑል ጻዕሪ ክገብሩ መታን፡ ተራን ኣበርክቶን መሻርኽቲ ክሕየል ተላብዮም።



ኣመሓደርቲ ብወገኖም፡ ሞያን ፍልጠትን ዝዓጠቐ መንእሰይ መጻኢኡ ብናቱ ርእሱ ድማ ንጹር ከም ዝኸውን ብምሕባር፡ መንእሰያት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ጸጋታት ከባቢኦም ብምምዝማዝ ተረባሕቲ ዝዋደድ ዕድላት ክኸፍቱ ኣዘኻኺሮም።

ሓላፊ ጨንፈር ህማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዚዚ በርኸትኣብ ብወገኑ፡ ማሕበር ንመንእሰያት ብብደረጃኦምን ዝንባለኦምን ሞያ ንኽቕስሙ ብውጥን ከም ዝሰርሕ ብምግላጽ፡ መንእሰያት ዝንባለኦም ኣለልዮም ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ወፍሪ ክኾኑ ጸዊዑ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ 19 ግንቦት ኣብ ሓጋዝ ክካየድ ዝጸንሐ ቅነ ውዳቤታት ምምሕዳራት ከባቢ፡ ብ22 መስከረም ንዕወታትን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ኣፍልጦ ብምሃብ ተዛዚሙ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

### ነይልስ ቦሆር

ኣብ ገለኡ ስድራ፡ በዂሪ ንፋዕ እንተ ኰይኑ ዝሰዓቡ ውሉዳት እታ ስድራ ንፋዓት ክኾኑ ይርአ። ሓደ እንዳ ጽርበት ዕንጨይቲ ዝሰርሕ ኣቦ፡ ደቁ ኣተሓሕዛ ሞደሻን መስማርን ዝጠፍኦም ኣይኩነን። ዝበዝሐ ግዜ መጻኢኦም'ውን ኣብኡ ዝተምርኩሰ ክኸውን ንቡር'ዩ። ንህይወት በቲ ምስኦም ዝዓበየ ሞያ ክርእዩዋን ክገልጹዋን ኣይጽገሙን። ኣብ ገለኡ ኵሎም ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራ ኣብ ናይ ትምህርቲ ህይወቶም ብሉጻት ኰይኖም ክወጽኡ እንክለው፡ ምናልባት ፍሉይ ርእሲ ከም ዝተዓደሎም ገይርካ ይቝጸር'ዩ። ብኣንጻሩ ሓደ'ኳ ካልኣይ ደረጃ ዝወደአ ዘይብላ ስድራ'ውን ኣይትሰኣንን እያ፣ "ትምህርቲ ብገዛና ኣይመባልዕትናን'ያ፡" ወይ "ዓባይ በጊዕ ሒዛተን ትጠፍእ፡" ክብሉ ኢና ንሰምዖም። ምናልባት ክጸልዎም ዝኽእል ሰብ ስኢኖም ይኾኑ። "ዝጸልወኒ ስኢነ" "ቅድመይ ንፋዕ ስለ ዘየለ፡" ወይ "ኣብ ገዛ ዝሕግዘኒ ስለ ዘየለ፡" እናበልና ዘይምንፋዕና ምኽንያት ንህበሉ ኣይኰነን ብርግጽ።



ምንፋዕን ምሕማቕን ንኹሉና ሓደ'ዩ ዝብጸሓና።

ኣብ ስነ ቀመም ካልኣይ ደረጃ ፈለማ ብዛዕባ ኣቃውማ ኣቶማዊ ቅርጺ ንምሃር ኢና። እዚ ሎሚ ተበጺሑ ዘሎ ፍልጠት ብዛዕባ ኣቶም በብደረጃኡ ቀስ ኢሉ ዝማዕበለ ኰይኑ፡ ገና ሕጂ'ውን እንተኾነ ስነ ፍልጠኛታት መጽናዕትታቶም ይቐጽሉዎ ኣለው። ፈለማ ኣቶም ሓደ ክቢብ ስጡም ክቢ (sphere) ምዃኑ ተገሊጹ። ስነ ፍልጠተኛታት ነታ ሓንቲ ፍልጠት ካልእ ዕምቈት እናወሰኹ፡ እዚ ሎሚ እንፈልጦ ቅርጺ ኣቶም በጺሐሞ። ሓደ ኣቶም ክልተ ክፋላት ዘሎዎ ኰይኑ፡ ኒክለስን ኣብ ዙርያኡ ዝርከብ ኤለክትሮናት ዝሓዘ ዓንኬላትን ዘጠቓለለ'ዩ። ኒክለስ እወታዊ ቻርጅ ኣሎዎ፣ ንፕሮተንን ኒዩትሮንን ኣብ ውሽጡ ሓቝፉዎ ድማ ይርከብ። ኒክለስ ብተወሳኺ ነቲ ኣብ ዙርያኡ ዝርከብ ኤለክትሮናት ናብኡ ስሒቡ ይሕዞ። ኤለክትሮን ድማ ኣሉታዊ ቻርጅ ዘውንን ኰይኑ ኣብ ክሊ ኒክለስ ኣብ ነናቱ ዓንኬል ተቐሚጡ ንረኽቦ። ዝኾነ ኤለክትሮን ካብ ሓደ ዓንኬል ናብ ካልእ ክዘልል ከም ዝኽእል ድሒሩ'ዩ ተፈሊጡ። ነፍሲወከፍ ዓንኬል (ሸል) ናቱ መጠን ጸዓት ክህሉዎ እንከሎ፡ ኣብ ዝዓበየን ዝነኣሰን ዓንኬል ዘሎ ኤለክትሮን፡ መጠን ዘድልዮ ጸዓት ይፍላለ'ዩ። ነዚ ዓውዲ ዘጽንዕ 'ኳንተም ፊዚክስ' ይብሃል። ኣብዚ ኣቶማዊ መጽናዕቲ ዓቢ ኣበርክቶ ብምግባሩ ናይ ፊዚክስ ዓለማዊ ሽልማት ኖበል ዝተቐበለ ነይልስ ቦሆር እዩ።

ዴንማርካዊ ነይልስ ቦሆር፡ ብጥቅምቲ 1885 ኣብ ኮፐንሃገን ካብ ኣዝዮም ዕዉታት ስነ ፍልጠተኛታት ስድራ ተወሊዱ። ኣቦኡ ናይ ፊዝዮሎጂ ፕሮፌሰር፡ ሓው ሃራልድ ከኣ ዓቢ ፈላጥ ስነ ቍጽሪ እዩ። ቦሆር ኣብ ኮፐንሃገን ዩኒቨርሲቲ ካብ 1903 ክሳዕ 1911 ትምህርቱ ድሕሪ ምክትታሉ ብፊዚክስ ማዕርግ ዶክትሬት ተቐበለ። ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ራዘርፎርድ ኣብ ማንቸስተር ዝያዳ ክልሰ ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ ተኸታቲሉ። (ራዘርፎርድ፡ ሓደ ካብቶም መሰረታዊ ፍልጠት ኣቶም ዝሃቡ ቀዳሞት ስነ ፍልጠተኛታት እዩ።) ብ1916፡ ናብ ኮፐንሃገን ተመሊሱ ፕሮፌሰር ፊዚክስ ኰይኑ ክሰርሕ ጀሚሩ። ድሕሪ ኣርባዕተ ናይ ስራሕ ዓመታት፡ ቀዳማይ ዳሬክተር ኢንስትዩቲት ክልሰ ሓሳብ ፊዚክስ ኰይኑ ክሰርሕ ጀመረ። እዛ ናይ ቦሆር ኢንስትዩቲት ቀልጢፋ ስማ ብምዕባዩ፡ ብዙሓት ንኽበጽሑዋ ባህጊ ከሕድሩ ከኣሉ። ኣብ ዓለም ንዝነበሩ ዝበለጹ ፈላጣት ፊዚክስ መኣከቢቶም ድማ ኰነት።

ቦሆር ኣብቲ ብ1900 ዝተኣታተወ 'ኳንተም ኢነርጂ' ብምምርኳስ ንኣቃውማ ኣቶምን መሌኩልን ዝገልጽ መጽናዕቱ ኣሕተሞ። ንቐዋምነት ሓደ ኣቶም (stability) ንኽገልጽ ከም እተሸገረ ድማ ተገምጊሙ። እንተኾነ፡ ቀጺሉ ኣብ ምዕባለ ክልሰ ሓሳብ 'ኳንተም' ዝገበሮ ጻዕሪ ኣገዳሲ ኣበርክቶ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ድህሰሳ ሬድዮኣክቲቭ ባእታታት ብኽብሪ ይጽዋዕ እዩ።

ኣደ ቦሆር ናይ ኣይሁድ ዓሌት ነበራ። ኣይሁዳውያን ብጀርመናዊ ስርዓት ናዚ ይእሰሩ፡ ይቕንጸሉን ኣብ ሓዊ ይጥበሱን ስለ ዝነበሩ፡ ካብታ ብስርዓት ናዚ ተጐቢጣ ዝነበረት ዴንማርክ ናብ ሎስ-ኣልሞስ ኣሜሪካ ገዓዘ። ኣብ ኣሜሪካ ናብ ኣቶማዊ ቦምባታት ዘዳሉ ዝነበረ ትካል ብምሕዋስ ፕሮጀክታት ክመርሕ ጀመረ። እቲ ዝነበረ ኩናት ምስ ዓረፈ፡ ምስ ከምኡ ስነ ፍልጠተኛታት ብምዃን፡ ኣቶም ኣብ ሰለማዊ መዓላ ዝውዕለሉ መገዲ ክጽንዑ ጀመሩ። ብ1955 ኣብ ጀኔቫ ብዝተገብረ ርክብ 'ኣቶም ንሰላም' እትብሃል ማሕበር ብድፍኢቱ ተመስረተት።

ቦሆር፡ ኣብ ኣቶማዊ ቅርጺ ብዝገበሮ መጽናዕትታት ዓቢ ዝላ ብምንባሩ፡ ንዓለማዊ ሽልማት ኖበል በቒዑ። ኣይግ (ወዲ ሃራልድ ሓው) ከኣ እዛ ክብሪ ናይ ሓው ኣቦኡ ብ1975 ብፊዚክስ ጨበጣ።

**ሃረርታ ብርሃነ**

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: "Who can tell me what 7 times 6 is?"

Student: "It is 42 mam!"

Teacher: "great, and who will tell me what 6 times 7 is?"

Same student: "It is 24 mam."

***

**ሜሪማና**

## መተሓላለፊ ሓበሬታ

*ብስእሊ ዝቐርብ ሓበሬታ*

ብግራፍን ቻርት (ባር)ን ዝቐርብ ሓበሬታ እዩ። ስእላዊ ሓበሬታ ካብ ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ንላዕሊ ብቐጥታ ዘርዕምን ብቐሊሉ ዝዝከርን እዩ። ካብ ሓንቲ ስእሊ ብዙሕ ሓበሬታ ክውሰድ ይከኣል። ንሓደ ስእሊ ንጽሑፍ ክትገልጾ እንከለኻ ብዙሕ ክትጽሕ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ። ገለ ተመሃሮ ኣገዳሲ ንዝበሉዎ ሓበሬታ ብስእሊ ወኪሎም ብቐሊሉ ከም ዝዝክሩዎ ክገብሩ ትርእዩ ትኾኑ።

ስእላዊ ሓበሬታ ዝኾነ ቋንቋ ዘየድልዮ ምዃኑ ብልጫ ኣሎዎ። ንኣብነት፡ ኣብ ዝኸድካዮ ሃገር ኬድካ ኣየናይ እዩ ናይ ደቀተባዕትዮ ወይ ናይ ደቀንስትዮ ዓይኒ ምድሪ ምፍላይ ኣይጽግመካን እዩ። ኣብ ጽርግያ ንረኽቦ ናይ ትራፊክ ምልክታት'ውን ተመሳሳሊ ቋንቋ ዘይፈሊ ሓበሬታት እዩ።

*ብቪድዮ ዝቐርብ ሓበሬታ*

ብቪድዮ ዝቐርብ ሓበሬታ፡ ብዝንቀሳቐስ ስእሊ እና'ርኣየ ዝቐርብ ሓበሬታ እዩ። ብቐሊሉ ከእምንን ቀጥታዊ ፍርዲ ከውሀብ ዝኽእልን እዩ። ናይ ቪድዮ ሓበሬታ፡ ካብቲ ካልእ ብቐሊሉ ዝስሕብ ኣገባብ ኰይኑ ንዝተማህረን ዘይተማህረን ብሓደ ሓበሬታ ከተሕልፈሉ ትኽእል።

*ብድምጺ ዝቐርብ ሓበሬታ*

ናይ ድምጺ ሓበሬታ ብእዝንና እንሰምዖ ሓበሬታ እዩ። ብዘረባ ዝሓልፍ ሓበሬታ ልክዕ ከም ናይ ጽሑፍ ሓበሬታ ሰማዒ ብዝርድኦ ቋንቋ ክቐርብ ኣሎዎ። ሓደ ሓበሬታ ብዘረባ ከነሕልፎ ንኽእል ኢና፣ ኳሕኳሕ ናይ ማዕጾ ክንሰምዕ እንከለና፡ ኣብ ኣፍደገ ሰብ ከም ዘሎ ሓበሬታ ንረክብ ኣሎና፣ ደወል ቤተ ክርስትያንን ኣዛን መሳጊድን ሰዓት ቅዳሰን ስግዳንን ከም ዝኣኸለ ይነግረና፣ ኣብ ሜዳ ኵዕሶ እግሪ ዳኛ ክፋጺ እንከሎ፡ ኵዕሶ ደው ክትብል ከም ዘሎዋ ኵሉ ሰብ ክርድኦ ይኽእል።

*ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝምርኰሰ ሓበሬታ*

ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዘይርከብ ሓበሬታ ዳርጋ የለን። በዚ መገዲ ዝምሓላለፍ ሓበሬታ ዳርጋ ንዂሉ መገዲታት ዘጠቓለለ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብጽሑፍ፡ ስእሊ፡ ድምጺ፡ ቪድዮ፡ ብዂሎም መገዲታት ማልቲ መድያ ክንረኽቦ ንኽእል።

**ማክዳ ትንሱእ**




## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቀጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ተፈጥሮን ሕጊ ተፈጥሮን ብግዜ ለይትስ ደቀሰ፣
ኣምላኽ ከኣ 'ኒውቶን ይኹን!' በለ'ሞ ኵሉ ብርሃን ኰነ።"

- ኣለክሳንደር ፖፕ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምቍጽጻር ሓቢርና ንዕየ!

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ምቍጽጻር ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ዓመታዊ 28 መስከረም ብደረጃ ዓለም ተዘኪራ ትውዕል። ኣብዚ መዓልቲ ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ንምዕባይ እተፈላለዩ መሰናድኦታት ይካየድ። ሎሚ ዓመት'ውን ኣብ ትሕቲ 'ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምቍጽጻር፥ ሓቢርና ንዕየ!' ዝብል መሪሕ ቴማ ተዘኪራ ክትውዕል እያ። ንሎሚ እምበኣር ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብኸመይ ከም ዝመሓላለፍን ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታትን ዝድህስስ ጽሑፍ፡ ብዶ/ር ዮናስ ወልዱ፡ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና እንስሳን ብቑልን-ሚኒስትሪ ሕርሻ ቀሪቡ ኣሎ፣ ሰናይ ንባብ።

ፊልማዊት መዓሾ

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብሃይድሮፎብያ (ብዕቡድ ከልቢ ዝተለኽፈን ዝሓመመን ሰብ ዝርኣዮ ናይ ፍርሒ-ማይ) ዝፍለጥ ኣዝዩ ቀታሊ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ፡ ንማእከላይ ስርዓት መትኒ ብምጥቃዕ፡ ሞት ዘስዕብ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም ንኹሎም መጥበውቲ ከጥቅዕ ይኽእል። መብዛሕትኦም ተጠቃዕቲ ግን በላዕቲ ስጋ ዝኾኑ እንስሳታት እዮም። እዚ ሕማም፡ ንመትናዊ ስርዓት ኣጥቂዑ ዕብዳን፡ መልመስትን ሞትን የስዕብ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ኣኻልብ ቀንዲ ምንጪ ምትሕልላፍ ሕማም ዕቡድ ከልቢ እዮም። ኣኻልብ፡ በቲ ሕማም ኣብ ዝጥቅዕሉ ግዜ፡ ንኻልኦት እንስሳታትን ሰብን ብምንካስ፡ ኣብ ምትሕልላፍ እቲ ሕማም ቀንዲ ተራ ይጻወቱ።

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ልዕሊ 150 ሃገራትን ግዝኣታትን ይርአ። ገለ ሃገራት ነቲ ሕማም ኣብ ምቍጽጻርን ምክልኻልን ርኡይ ምዕባለታት'ኳ እንተርኣያ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣብ ብዙሕ መዳያት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ገለ ክፋል ኣፍሪቃ፡ እስያን ላቲን ኣመሪካን ዓቢ ስክፍታ ጥዕና ህዝቢ ኰይኑ ይቕጽል ኣሎ። ምትሕልላፍ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምንካይ ቀንዲ ስትራተጂ፡ ኣኻልብ ምኽታብን ንቕሓት ሕብረተሰብ ምዕባይን እዩ።

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብኽታበት ክትከላኸሎ ዝከኣል ሕማም'ኳ እንተኾነ፡ ክሳዕ ሕጂ ሓደ ኻብቶም ኣብ ዓለምና ቀተልቲ ሕማማት እዩ። ገና ክሳዕ ሎሚ ቃንዛን ስቓይን የስዕብ ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ብደረጃ ዓለም ብገምጋም 59 ሽሕ ሰባት ብሰንኪ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ይሞቱ። ስሳ ሚእታዊት ካብቲ ዘጋጥም ሞት ኣብ እስያ ክኸውን ከሎ፡ ኣርብዓ ሚእታዊት ድማ ኣብ ኣፍሪቃ የጋጥም።

## ስነ-ለበዳ ሕማም ዕቡድ ከልቢ

መብዛሕትኡ እዋን፡ እዚ ሕማም'ዚ ብምንካስ እዩ ዝመሓላለፍ። እንተኾነ፡ ክፉት ቁስሊ ብናይ ዝሓመመ ልዛይ ምስ ዝትንከይ'ውን በዚ ሕማም ክልከፍ ይከኣል። እቲ ቫይረስ ብመንገዲ ልፋጫዊ ሽፋን ከም ኣብ ዓይኒ ወይ ኣፍ ዝርከቡ ሽፋን'ውን ክኣቱ ይኽእል።

እዚ ቫይረስ'ዚ ብጻዕቂ ኣብ ናይ ኣፍ ዝርከቡ ጽክታት ይርከብ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ እተለኽፈ እንስሳ፡ ንበላዕቲ ስጋ፡ ንበላዕቲ ሳዕሪ ወይ ንሰብ ኣብ ዝነኽሰሉ እዋን እቲ ሕማም ይመሓላለፍ።

## ምልክታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ሕቝፎ ግዜ ካብ ዝዓበደ እንስሳ ዝነኸሰሉ ግዜ ካብ ዝተወሰነ መዓልታት ክሳዕ ኣዋርሕ ይወስድ። ኣብ ኩሎም እንስሳታት ደኣ ኣይኹን እምበር፡ ኣብ መብዛሕትኦም ሕቝፌ ግዜ ዝቕልጥፈሉ ወይ ዝድንጉየሉ ዝውሰን፡ በቲ ዝተነኽሰ ቦታ ካብ ማእከላይ መትናዊ ስርዓት ዘሎዎ ርሕቀት እዩ። ኣብ ከልቢ ምልክት ሕማም ብኽልተ መልክዕ ይርአ። እቲ ሓደ ቍጡዕ ወይ ንጡፍ ክኸውን ከሎ እቲ ኻልኣይ ድማ ድንዙዝ ወይ ልኡም እዩ።

ኣብ ብርቱዕ ወይ ንጡፍ ሕማም፡ ኣኻልብ ስለ ዝጽለሉ፡ ንዝኾነ ከም ማዕጾ፡ መብልዒኦም፡ መስተዩኦምን ካልእ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ነገራትን ክነኽሱ ይርኣዩ። ብምኽንያት መልመስቲ ጭዋዳታት ናይ ድምጺ ሳጹን ኣብ ዝነብሕሉ ግዜ ድምጾም ፍሉይ ይኸውን። ዝተኣሰሩ ኣኻልብ ኣብ ከባቢኦም እንስሳታት ወይ ሰብ ክነኽሱ፡ ኣብ ዘለዉዎ ኮለል ይብሉ።

ኣብ ድንዙዝ ወይ ልኡም ምልክት ሕማም ዝርኣዩ፡ መጀመርታ መልመስቲ ናይ ገጽ ጭዋዳ እዩ። ኣብ ብርቱዕን ድንዙዝን ምልክታት ሞት ካብ ሰለስተ ክሳዕ ዓሰርተው ሓደ መዓልቲ ይስዕብ። ሓድ-ሓደ ግዜ ምልክት ናይ ንጡፍን ልኡምን ተሓዋዊሱ ዝርኣየሉ ግዜ'ውን ኣሎ።

## መርመራ ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብዘርእዮ ምልክት ክጥርጠርን ክፍለጥን ይከኣል'ዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ሕማም ብትኽክል ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምዃኑ ንምርግጋጽ ናይ ላቦራቶሪ መርመራ ክግበር ይግባእ። ካብቲ ብሕማም ዝተጠርጠረ ምዉት እንስሳ፡ ርእሱ ብጥንቃቐ ተዓቂቡ ንመርመራ ናብ ላቦራቶሪ ብምልኣኽ፡ ቅምሶ ወይ መርኣያ ወሲድካ ይምርመር።

## ሕክምና ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ሕማም ዕቡድ ከልቢ መድሃኒት የብሉን። ስለዚ በዚ ሕማም እዚ ዝተጠቕዐ እንስሳ መፈጸምትኡ ሞት እዩ። ብሓፈሻ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣሎዎ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ከልቢ ን10 መዓልትታት ኣብ መወሸቢ ክጸንሕ ኣሎዎ። እዚ ግዜ ምልክታት ንምክትታል የኽእል። ኣብዚ ግዜ፡ እቲ ኸልቢ ምልክት ሕማም ዕቡድ ከልቢ እንተ ዘይኣርእዩ፡ ጥዑይ ተባሂሉ ይውሰድ። ሓድሓደ ምልክታት ናይ ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ብብዝሒ ምልዛይ፡ ምዕባስ ጎሮሮ ወይ'ውን ዝዓበሰ ነገር ካብ ጎሮሮ ንምውጻእ ዝግበር ጻዕሪ፡ ንሓረስቶት ወይ ንወነንቲ ኣኻልብ ኣብ ሓደጋ ከብጽሕ ይኽእል። ስለዚ፡ ህውኽ ኢልካ ጸገማት ካብ ምእላይ ምቑጣብ የድሊ።

## ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ዕቡድ ከልቢ

ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘመን ምስ ፍሉጥ ተማራማሪ ሉዊስ ፓስተር እዩ መጺኡ። ፓስተር ኣብ 1885 ዓ.ም ዝተዳኸመ ዓይነት ናይቲ ቫይረስ ተጠቒሙ ናይ መጀመርታ ውጽኢታዊ ክታበት ሕማም ዕቡድ ከልቢ ኣማዕቢሉ። በዚ ድማ ክታበት ኣብ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብደረጃ ዓለም ኣብዘን ዝሓለፋ ዘመን ወይ መዋእል ርኡይ ምዕባለታት ኣርእዩ እዩ። ኣብ ዓለምና ብሕማም ዕቡድ ከልቢ ካብ ዘጋጥሙ ሞት፡ ተስዓን ትሽዓተን ካብ ሚእቲ ብኸልቢ ዝስዕብ እዩ።

ኣኻልብ፡ ቀንዲ ተሰከምቲ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ስለዝኾኑ፡ እቲ እንኮ ኣማራጺ ስሩዕ ክታበት ምክያድ እዩ። ብተወሳኺ፡ ንቕሓት ህዝቢ ክብ ንምባል ኣስተምህሮታት ብዛዕባ ሓደጋታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ መገድታት ምትሕልላፍ፡ ከምኡ'ውን ኣገባብ ምክልኻሉ፡ ምስፍሕፋሕ ናይዚ ሕማም ንምንካይ ይሕግዝ።

### ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክታበት ኣሎዎ፧

እወ - ንሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምክልኻል ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕል ፍቱን ክታበት ንኣኻልብ፡ ካልኦት እንስሳ ዘቤትን ሰብን ኣሎ!




## ሕቶ ፍረ ጻዕሪ

### ሓቅታት ሕማም ዕቡድ ከልቢ

- ሕማም ዕቡድ ከልቢ፡ ዋላ'ኳ ቀታሊ እንተኾነ፡ ንኣኻልብ በብእዋኑ ተኸታቲልካ ብምኽታብ፡ ነቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ምውጋድ ይከኣል እዩ!
- ሕማም ዕቡድ ከልቢ ብዘስዕቦ ሞትን ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ወጻኢታትን ብ ደረጃ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 8.6 ቢልዮን ዶላር ክሳራ የጋጥም።
- ስለዚ፡ 70 ሚእታዊት ካብ ዘለዉና ብዝሒ ኣኻልብ ብምኽታብ፡ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ምሉእ ብምሉእ ነወግድ!



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ካብ ደርፍታት ኣሸንዳ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)



ኣብ ነብሲ ወከፍ ወቕትን ዝዘውተሩ ወግዕታትን ዝቐርቡ ያታዊ ደርፍታት ኣመና ብዙሓት እዮም። ካብ ብዝሖምን ዝደጋገም ዝውታረኦምን ንላዕሊ ከኣ ዘመሓላልፉዊ መልእኽትን ሓይሊ ገለጻኦምን እዩ ዘሰፍሐን ዝዓመቑን። ጸሓፊ ንዝተወሰኑ ደርፍታት ኣሸንዳ ብምልዓል ኣብ መጽናዕቲ ንዝተረኽቡ ትርጉምን መልእኽትን እቶም ደርፍታት ንንባብ ኣብቂዑ ኣሎ። ነበብቲ እውን ከም ቀደምኩም ዝተረፈን ዝጐደለን ኣብ ምምላእ ኣይትሕመቑ። እዚ ኣይከምኡን፡ እዚ ሂብካዮ ዘለኻ ገለጻ ኣይናቱን ንእትብሉ እውን እዚ ዓምዲ ክፉት እዩ። ንሽባቡን ንዕድመ ጸገቡን ንምብህሃል ዝቔመ ዓምዲ ስለዝኾነ። ከም ግፍፎት ብዛዕባ ኣሸንዳ ንእሽቶ እንተ በልና ግና ዝሓሸ እዩ። ዝሓይሸ ይሃብኩምን ይሃበንን።

መራሕቲ ሃይማኖትን ክኢላታት ኣፋዊ ያታን ከም ዝገልጹዎ፡ ኣሸንዳ ኣብ መርዓን ደርዓን ዘይበጽሓ ደቀንስትዮ ነደይ ማርያም ንምምስጋንን ንምውዳስን ኢለን ዘዘውትራኦ ዝነበራን ዘለዋን ወግዒ እዩ። ከምቲ ዝዝንቶ፡ ኣደይ ማርያም ምድራዊ ህይወታ ዛዚማ ምስ ዓረገት፡ ዘይመሰላ ደቀንስትዮ ንዝኽሪ ኣደይ ማርያም ኢለን ንወየ እቲ ስጋኣ ኣዕሪፉሉ ዝነበረ ሳዕርን ዕምበባን ኣብ ኣካላተን እናገበራ ዓመት መጽአ ክዝክራኦ ጀመራ። ኣሸንዳ ድማ ብቐንዱ እቲ መንጸፍ ኣደይ ማርያም ዝነበረ ሳዕርን ዕምበባን ምዃኑ'ዩ ዝዝንቶ። ንወየ ሳዕሪ ብልሕጺ መሪነን ወይ ኣሲረን ኣብ መዓንጣአን ክኣስራኦ እንከለዋ ንወየ ዕምበባ ከኣ ኣብ ኣእዛነን፡ ግንባረን፡ ቍኖአን ወዘተ ይሰኹዓኦ። ከምኡ እውን ነቲ ዕምበባ ኣብ ቤተንን ገበላአንን መናድቕ ደንበአንን ክገብራኦ ጀመራ። ብኣመኽንዮ እዝን ካልእን ኣቢሉ ጀሚሩ ዝብሃል ነገረ ኣሸንዳ ከኣ'ዩ ክሳዕ ሕጂ ከም ወግዕን ቅንያትን ደቀንስትዮ ኰይኑ ዝዝውተር ዘሎ። ከም ኩሉ ዝውሰኾን ዝጐድሎን ባህላዊ ትሕዝቶታት ከኣ ነዚ መንቀሊ ሒዙ ብዙሓት ወሰኻታት እናካተተን እናጠዓዓመን ክሳዕ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ። ከምዚ እናበለ ወግዒ ኣሸንዳ ኣዋልድ ኢየሩሳሌም ነደይ ማርያም ክዝምራላን ክውድሳኣን ካብ ዝጀመራሉ ግዜ (ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ) ክሳዕ እዚ እዋን ልዕሊ 1900 ዓመታት ገይሩ ከም ዘሎ ይንገር። ካብቲ ዝጀመረሉ ኣገባብ ክሳዕ እዚ ሕጂ ዝዝውተረሉ ዘሎ ግዜ ክሳብ ክንደይ ለውጢ ገይሩ ምህላዉ ግና ርዱእ እዩ። ኣብ ዝቕጽል ግዜ ካልእ ምስሊ እንተ ሓዘ እውን ከም ኣካል ናይቲ ዘየቋርጽ ናይ ለውጢ መስርሕ እዩ ክውሰድ ዝግባእ። ነዞም ቅድም ኢሎም ዝተላዕሉ ሓሳባት ንምህጣር ከኣ ውሑዳት ያታዊ ደርፍታት ኣሸንዳ ቀሪቦም ኣለዉ።

ኣባ ቀሸየ ዳንዩና

ኣሸንዳ ከይዳ ዓዳ ሰኣን ዋና።

ኣቦይ ዓብየ ዳንዩና

ንእስነት ከይዳ ዓዲ ሰኣን ዋና።

ከምቲ ቀዲሙ ዝተገልጸ፡ ኣብ ኩሎም ያታውያን ትውፊታት፡ ውሰኻታትን ቅነሳታትን ትሕዝቶን ዝውታረን ትውፊታት ይኽሰቱ እዮም። እዚ ደርፌ ድማ ደቀንስትዮ ንወግዒ ኣሸንዳ ከም ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ብምጥቃም ዛዕባአን ናብ እዝኒ ከብጽሓ ምስ ዝደልያ ዝደርፋኦ እዩ። ከምቲ ቀዲሙ ዝተነግረ ወግዒ ኣሸንዳ ናይ ዘይተመርዓዋ ደቀንስትዮ ወግዒ እዩ። ደቀንስትዮ ኣብ ቅንያት ኣሸንዳ ብዛዕባ መርዓን ደርዓን ክሓስባ ድማ ንቡር እዩ። ኣባ ቀሺ ዓመት መጽአ ብዛዕባ እተን ዘይተመርዓዋ ኣዋልድ ዓዲ ክሓስቡ ድማ ኣብ ቅንያት ኣሸንዳ በቲ ቀዲምኩም ዝነበብክሙዎ ግጥሚ የዘኻኽራኦም። ኣባ ቀሺ ሓደ ካብቶም ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ፡ ወዱ ብዘብጽሐ ስድራ ዝሕተቱ ወገናት እዮም። "ጓል ደልየ" ዝብል ወገን ምስ ተረኽበ ድማ ኣባ ቀሺን ኣቦይ ዓብን ንወየን ጥሪ ዝደንጐየትን እውን ከይተረፈ ክሓስቡለን ከም ዘሎዎም ብደርፌ የዘክራኦም። መልእኽቲ እቲ ደርፌ ድማ ኣባ ቀሺን ብጫዮምን ኣዋልድ እቲ ዓዲ ሰኣን ዝርእየንን ዝጥይቐለንን መርዓን ሓዳርን ከይሰእና ኣባታዊ ግዴታኦም ክዋጽኡ ዘዘኻኽር እዩ። ብጽቡቓተን ሰሪ ውሑድን ዘይምህላው ገዝምን ዝና ዘይብሎም ስድራአንን ዘዘመጽኦት ጥሪ ከይትሓልፈን፡ ብዝኸውንን ዘይከውንን ዘረባ፡ ልዳት ገዛአን ደላዩ ጓል ከይስእን፡ እተን ብብዝሒ ቅንያት ኣሸንዳ ኣሕሊፈን ብስክፍታ ዝኣክል ካብ ኣሸንዳ ተገሊለን ዝውዕላ ኣዋልድ ብኣኡ ኣቢሉ ከይሰበለን ወዘተ ኣድህቦ ከም ዝደሊ ብመገዲ ኣባ ቀሸን ኣቦይ ዓብን ኣቢለን መልእኽተን የመሓላልፋ። ብጥሙሩ ንእስነትን ጽባቐን ንብላሽ ከይከውን፡ ኩሉ ነገር ኣብ ሰዓቱን መዓልቱን ክኸውን ኣሎዎ ንምባል እየን "ዳንዩና" ኢለን ይደርፋ።



ስገመየ ንዓሆሆ

ስገመየ ረዳኢተይ።

ስገም በዱ ንዓሆሆ

ስገም በዱ ከይዱ ዓቢዱ።

ስገም ጐቦ ንዓሆሆ

ስገም ጐቦ ኰይና ኣጅቦ።

ስገም ቀላ ንዓሆሆ

ስገም ቀላ ተኻሒላላ።

ስገም ድርቦ ንዓሆሆ

ስገም ድርቦ ዓላ ኣጅቦ።

ሓደ ካብቶም ብዛዕባ ስገም ዝዝንተዉ ኣፈ ታሪኽ ንልቦናን መግዛእትን ዘዛምድ ታሪኽ እዩ። ኣብ ኣፋዊ ዛንታታትና ከም ዝጽወ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ጭቁናን መግዛእትን ብዙሕ መልክዓት እዩ ነይሩዎ። ሓደ ካብቶም ህዝቢ ኤርትራ ንምጽናዕት መሳፍንቲ ዝኽተሉዎ ዝነበሩ መገዲ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ብጥሜት ዝጸንተሉ ጥበብ ምፍጣር እዩ ዝነበረ። እዚ ጥበብ ካብ ቅንያት ሃንስ መስቀል ዝጅምር ነበረ። ህዝቢ ኤርትራ ሓሪሱን ምሒሱን ምህርቲ ክእክብ ምስ ጀመረ ወራር እውን ማዕረ ማዕሪኡ ይጅመር ነበረ። ተዓጺዱ ቀማሚጦ ዝኾነ ዘራእቲ ብሓዊ ይነድድ። ተጐኒኡ ጐንሕታት ዝተነድቀ መሻሉ፡ ተዓጺዱ ንምንጋፍ ዝተኹልሰሰ ስምስምን ንጊጉን ፍረኡ ኣብ ዝህበሉ ብወረርቲ ይነድድ ነበረ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ግዜ ወራር እንተ ዘይተኻይዱ፡ እኽሊ ካብ ዓውዲ ኣብ ቀፋፉ ምስ ኣተወ ይዝመት ነበረ። ብዕራይ ሓሰርን ቃንጫን በሊዑ ከይሓርስ፡ ሓሰርን ቃንጫን ብወረርቲ ይቃጸሉ ነበሩ። ለባማት ሕብረተሰብ ኤርትራ እዚ ኣገዛዝኣ ምስ መረሮም ደድሕሪ ግዛእቲ መሳፍንቲ ንሰሚን ከዱ። ኣብ ዓዶምን ግዝኣቶምን ምስ በጽሑ ድማ ስገም መግቢ መጽዓኛ ኰይኑ ጸንሖም ይብሃል። ነዚ ዘስተብሃሉ ለባማት ዘርኢ ዝኾውን ስገም ሒዞም ብምምጻእ ኣብቲ ንስገም ዝሰማማዕ መሬቶም ዘርኡዎ። ግዛእቲ ከም ልማዶም እናወረሩ ብዘይካ ንስገም ንኻልኦት ኣእካል ይዘምትዎምን የንድድዎምን ነበሩ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሳላ ልቦናኡን ጥበቡን ንስገም ምንጪ ናይ ብዙሓት መግብታቱ ክገብራ ጀመረ። ህዝቢ ኤርትራ እቲ ከበሳዊ ክፋሉ ድማ ብቐንዱ፣ ካልእ ኣእካሉ እናተዘምተ ሳላ ስገም ተረድአ። ስገመት ረዳኢተየ ዝተባህለ ድማ በዚ ዛንታዩ ይብሃል። እቲ ስገም ቀልጢፉ ስለ እትኣክል እዩ "ረዳኢተይ" ትብሃል፡ ዝብል ዛንታ እውን ኣይተጓንደየን።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገበረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY AT EDC DRILLING AND MINING CO, LTD

EDC DRILLING SERVICE COMPANY invites qualified applicants for the following post.

**Position Senior Driller**

| | |
|---|---|
| Salary | As per company scale |
| Place of work | Ghonge |
| Contract Type | Indefinite period |
| Number Required | Three (3) |
| Main Duties and Responsibilities | **Drilling Operations**<br>Coordinate of drilling operations for all assigned rigs or locations.<br>Develop and implements drilling strategies for optimal performance and efficiency.<br>Ensures adherence to safety protocols and regulatory standard.<br>Provide technical expertise and support on complex drilling projects.<br>Collaborate with engineers and geologists on technical challenges.<br>Reviews drilling plans and designs for feasibility and potential hazards.<br>Analyze well data and interpret geological formations to guide drilling decisions.<br>Ensure the safety of the site and workers by following all safety regulations and protocols. |
| Job Requirements | **Experience:** At least 5years'experience managing drilling crew and overseeing all aspects of drilling operations in complex underground environments.<br>**Certification:** A valid Driller operator certificate or equivalent relevant certificate are required.<br>**Education:** A high school diploma or equivalent is typically a minimum requirement.<br>**Skill:** strong understanding of mine safety protocols and regulation |

Submit the hard copies of the above application documents to EDC DRILLING AND MINING Co., LTD: - Add: Tiravollo, Street: 745-9, House no.7 Tel 15-55-60

**Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs, P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.

## VACANCY AT LAND ENERGY GROUP (CHINA) LIMITED ERITREA

LAND ENERY GROUP (CHINA) LIMITED ERITREA invites qualified applicants for the following posts

**Position: Geologist**

| | |
|---|---|
| Salary | As per company scale |
| Place of work | Ghonge |
| Contract Type | Indefinite period |
| Number Required | TWO (2) |
| Main Duties and Responsibilities | **Geological site investigation:** Conducting site surveys and geotechnical investigations to understand subsurface conditions, geological formations, and potential hazards related to drilling and construction activities.<br>**Resources Assessment** Utilizing geological data and quality of potential resources including minerals.<br>**Geological modeling and analysis:** Interpreting and analyzing geological data, developing geological models and providing, data-driven recommendations for resources exploration and development.<br>**Monitor conditions:** Watch and continuously asses drilling parameters and equipment performance to optimize drilling strategy and maintain wellbore stability. Through proactive monitoring,<br>**Record keeping:** Maintain comprehensive records of all drilling and geological data, including well logs, core samples, geophysical surveys, and field observation. |
| Job Requirements | **Experience:** At least5years'experience operating heavy machinery<br>**Certification:** A valid geologist operator diploma and any necessary licenses are required.<br>**Experience:** Expertize in geological principles, including stratigraphy, structure and sedimentology.<br>**Education:** A high school diploma or equivalent is typically a minimum requirement.<br>**Skills:** Strong communication skills, excellent situational awareness, and the ability to follow safety protocols are essential.<br>**Physical fitness:** The job can require physical stamina for tasks like climbing, bending, and handling materials manually. |

Submit the hard copies of the above application documents to Land Energy group limited company office Add: No. 42 kushet shewit, Asmara, Eritrea Email: land energy group@gmail.com

- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper
- **Note to non-Eritrean applicants:** Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs, P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea.



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦናን ሓውናን ተኸልዝጊ ኣባይ ኣስፍሃ (ወዲ ኣባይ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓደኹም ደምቢዝን ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን ፈተውቲ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ካብ ምሉኣት ስድራቤት


ቤ/ት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ጀሚሩ ምኳኑ ከተበስር ትፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተሰፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።




### ምስጋና

ብማስዋእቲ እኖፍቅሮ ወድና ናትናኤል (ሻውል) ገብረማርያም ተኸሊይ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ወለዱ ኣቶ ገብረማርያም ተኸሊይ
ወ/ሮ ኣልማዝ ግርማይ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

MINMETALS

## ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC (Pre-stripping Team) is inviting qualified and competitive applicants for the following positions:

**3: Geology Engineer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Kerkebet
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Proficient in two or more geological professional software such as AutoCAD, MapGls, surpac, and 3Dmine;
- According to the construction and pre-stripping plan within the project, implement the geological related works, organize the professional survey, guide and supervise the project construction progress;
- Organize the preparation of all kinds of geological survey data required for mine production, be responsible for organizing the technical innovation and solve the problems during the geological survey, and actively apply the new process and new experience of geological survey
- Compile geological technology management specifications, guide and supervise geological personnel to do a good job and provide accurate geological data for mining production
- Responsible for supervising and guiding on-site work such as geological logging, sampling, and measurement, and conducting quality control of rock core description and sampling;
- Responsible for collecting and sorting geological data in the survey area, and conducting key investigations on important geological phenomena and indicators;
- Responsible for estimating the discovered mineral resources and submitting mineral resource reserve reports
- Responsible for assisting the department manager in external communication work of the project.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor's degree or above
- Engineering survey, geotechnical engineering, geological exploration and related majors
- CET level 4 English language skill or above is preferred

**Work Experience:**

- Two years or above of project management with related geology work
- Relevant certificate is preferred

**Other skills and abilities**:

- Excellent language skills
- Proficient in operating the office software
- Have Personnel management and leadership skills

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**4: Mechanical Engineer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Kerkebet
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Responsible for testing of mining machinery and equipment such as dump truck, wheel dozer, chain dozer, excavator etc.;
- Participate in the installation and debugging of mining machinery and equipment;
- Participate in after-sales maintenance of mining machinery and equipment;
- Complete other tasks assigned by superiors.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- Bachelor's degree or above
- Major in mechanical design & manufacturing and automation, related majors
- CET level 4 English language skill or above is preferred

**Work Experience:**

- Two years or above worked as mechanical engineer for engineering project

**Other skills and abilities**:

- Proficient to use software include Auto CAD, Solid Works, UG etc.
- Be familiar with theoretical knowledge related to mechanical design;
- Be familiar with mechanical design software;
- Working experience related to mining machinery and equipment is preferred.
- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Project management skills.
- Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

continued to page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገበረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC

MINMETALS

continued from page 7

**5: Electrical Automation Engineer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Kerkebet
- Type of contract: Definite period of one year
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

- Preparation of the entire mine's electromechanical work plan and make overall arrangements for the entire mine's electromechanical work.
- Organize electrical safety inspections and chair regular meetings on electrical safety management to supervise the implementation of meeting resolutions.
- Organize safety education and technical training for various special types of electromechanical work and conduct technical assessment.
- Frequent on-site inspections of the operation of various electrical equipment and timely organize personnel to deal with existing unsafe hazards.
- Make regular inspection and maintenance plans for electrical equipment to ensure the safe and reliable operation electrical equipment.
- Responsible for the compilation and collation of technical archives of relevant electromechanical equipment, and equipment acceptance.
- Responsible for optimizing the performance of electromechanical equipment in the mining area and managing energy conservation and consumption reduction.
- Responsible for the preparation, review, personnel training and acceptance of safety technical measures for various electromechanical maintenance work.

**Qualification Requirement**

**Education:**

- College degree or above
- Major in electrical automation or related majors
- CET level 4 (English language skill) or above is preferred

**Work Experience:**

- Two years or above of electrical automation management for engineering project

**Other skills and abilities:**

- Proficient to use software include Auto CAD, Solid Works Electrical etc.
- Ability to work in culturally diverse working environments.
- Ability to work well with people from different country with different culture.
- Project management skills.
- Problem solving skills, Teamwork, and collaboration skills.

**Language:**

- Language fluency in English is required.

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and providing evidence of release paper from the Ministry of Defence.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of +your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the publication of this vacancy in the newspaper

§ **Address: Please mail your application to following two addresses**

**1. ENFI-MCCT MINING ENGINEERING PLC.**
**P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea**

**2. Mineral Resources Management**
**P.O. Box-272, Asmara**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**



# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ታሪኽ ጅግንነት ምስ ሰብ ታሪኽ ከይቅበር!

*ዝኸበርክን/ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ደቂ ኣንስትዮ፥ እዚ ስዒቡ ዝቐርብ ጽሑፍ፥ ጉዳም ተጋዳሊት ካፕተን ሉተርናኤል ኣፈወርቂ (ሰንጥቕ)፥ ምስ መጽሔት 'ተሃድሶ'፥ (ቁ.ሕታም 29፣ መስከረም 2026) ዘካየደቶ ቃለ መሕትት ኮይኑ፥ ትሕዝቶኡ ንኣንበብቲ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝረኸብናዮ ከምኡ'ውን ንቕያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ዘንጸባርቕ፥ ከም ዘለዎ ኣብ'ዚ ዓምዲ'ዚ ከነቕርቦ መሪጽና ኣለና'ሞ፥ ሰናይ ንባብ!*

ስርዓታት መሳፍንቲ ኢትዮጵያ፡ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ንምግባጥ ዝፈብረኽዎ ናይ ሓሶት ታሪኽ፥ ኣብ ናይ 'ሰለስተ ሽሕ ዓመት ሕልማዊ ጽውጽዋይ' ዝተመርኮሰ'ዩ። እዚ ፈጠራዊ ታሪኽ'ዚ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከም መጽሓፍ ቅዱስ ክሰብኹሉ ዝተደለየ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፥ "ኤርትራ ትብሃል ሃገርን ሃገራዊ መንነትን መግዛእቲ ጥልያን ዝፈጠሮ ደኣ'ምበር፡ ቅድሚኡስ ኤርትራ ኢትዮጵያዊት እያ ነይራ" ንምባል'ዩ። ኤርትራ ኣሸምባይ ዶ ንሰለስተ ሽሕ ዓመታት፥ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ኣካል ኢትዮጵያ ኣይነበረትን፣ ኮይና'ውን ኣይትፈልጥን። ነዚ ኣብ ሓሶትን ዓሎቕን ዝተመርኮሰ ምስፍሕፋሕን ጎበጣን ንምቅዋም ድማ'ዩ፥ ብ1961 ዝፈለመ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ 1991 ንሕልማዊ ጽውጽዋይ ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣምኪኑ፥ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ዝገበረ። ናጽነት ኤርትራ ክዉን ንምግባር ኣብ ዝተኻየደ መሪር ብረታዊ ቃልሲ እጃሞም ካብ ዘበርከቱ ናይ'ቲ እዋን ጀጋኑ መንእሰያት ኤርትራ እምበኣር፡ ሓንቲ ካፒተን ሉተርናኤል ኣፈወርቂ እያ። ንሳ፥ ኣብ ፈለማ 1960ታት እያ ኣብ ኣውሊዕ ጸሩ - እንጋንኣ ተወሊዳ። ኣቦኣ ንዓኣ ምስ ወለደ ካብዚ ዓለም ብሞት ስለ ዝተፈልየ፥ ከም ህጻን ፍቕሪ ናይ ኣቦ ከየስተማቐረት'ያ ዓቢያ። ክሳብ ጓል ኣርባዕተ ዓመት እትኣክል ምስ ሰድራቤት እንዳ ኣዲኣ፣ ብድሕሪኡ ድማ ናብ ሰድራቤት እንዳ ኣቦኣ ብምምጻእ፥ ንጸው ነጀው እናበለት ዕድመ ህጻንነታ ኣሕሊፋቶ። ዝቖጸለ ህይወት ሉተርናኤል፡ ምስ ክድምና ወይ ምስ ስራሕ ገዛ ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብ እንዳ ሰድራ ብሸቕለት ተቐጺራ ክትሰርሕ ብ1976 ናብ ኣስመራ ምስ መጸት ከኣ፥ ኣብ ገዛ ጣንዳ ጥልያን ስራሕ ጀሚራ። መዓልታዊ ስርሓ ግን፥ ደሞዝ ትኽፈለሉ ክድምና ጥራይ ኣይነበረን። ምስ'ቶም ናይ ከተማ ስሩዓት (ውዱባት) ስለ ዝተወደበት፥ ከም ሓፋሽ ውድባት መጠን ንወደብታ ስሊያዊ ሓበሬታታት ኣብ ምቕባል ይኹን ዝተፈላለዩ ሃለኽትን ዘይሃለኽትን ነገራት ናብ ሜዳ ኣብ ምልኣኽ፥ ካብኣ ዝሕተት ዘበለ ኩሉ ኣብ ምፍጻም ተጸምደት። ሉተርናኤል፥ ክንዮ እቲ ልሙድ ንጥፈታታ ዘኸይድ ውድባዊ ዕማም ክትፍጽም ድሌትን ባህግን እኳ እንተ ነበራ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምንቅስቓስ ኣብ እትገብረሉ ዝነበረት እዋን፥ ኣብ ዓይኒ ጸላኢ ከም ዘወደቐት ዝእምት ሕቶታት ብወተሃደራት ጸላኢ ክቐርበላ ምስ ጀመረ ግን፥ ንጸላኢ ንምድንጋር ስማ ሉተንክኤል፣ ስም ኣቦኣ ድማ ገረዝግሄር ምዃኑ ብምግላጽ፥ ብዘይካ ስሚንቶ እንዳ'ማታ ወልዊላ ምንባር፡ ትፈልጦ ወዳቢ ኣካል ይኹን ንጥፈታት ሓፋሽ ውድባት ከም ዘይብላ እናገለጸት ከተእምን ትፍትን ነበረት። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከላን ምኽትታል ናይ ጸላኢ ምስ በዚሓን ድማ፥ ተመሳሳሊ ዕጫ ናይ'ቶም ኣብ ኣብዮተ ማእሰርቲ ማርያም ግቢን ኣለም በቃኝን ዝዳኸኑ ዝነበሩ ደቂ ሃገራ ከይገጥማ ብምስጋእ፥ ኣብ ወርሒ ሓምለ 1978 ንከተማ ኣስመራ ሕቘኣ ሂባታ፥ ብመንገዲ ድርፎ ኣቢላ ናብ ዓላ ኣምርሐት።



ኣብ ውግእ ኣፍዓበት ዝተማረኸ ኣጽዋር ጸላኢ.

ሃጼያዊ ስርዓት ሃይለስላሰን ስርዓት ደርግን፥ ነቲ ኣብ ትሕቲ ኣብ ጽውጽዋይ 'ሰለስተ ሽሕ ዓመታት' ዝተመርኮሰ መግዛእታዊ ስርዓቶም ክምብርኸኽ ፍቓደኛ ዘይኮነ ህዝቢ መታሕትን ከበሳታትን ኤርትራ፥ ኣድምዮምዎ እዮም። ብጥይት ዝተመንከሉ፥ ብሳንጃ ዝተዘልዘሉ፥ ብታንክታት ዝተሓምተሉ ኣቦታትን ኣደታትን፥ መንእሰያትን ህጻውንትን፥ ዝተቓጸሉ ዓድታትን ብፈሮ ተመቑሖም ዝተረሸኑ ንጹሃት ዜጋታትን መቑጸሪ ኣይነበሮምን። መንእሰያት ኤርትራ፥ ተመሃሮ ትምህርቶም ራሕሪሖም፣ ሰራሕተኛታት ስራሖም ረጥሪጦም፣ ኮታስ ኩሎም ዜጋታት ስሩዕ ንጥፈታቶምን መረብቶምን ሓዲጎም፥ ናብ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብምስላፍ፥ ብዕጥቂ ብረት ክቃለሱ ዝደረኾም ምኽንያት ድማ፥ እቲ ኣብ ዓለም መዳርግቲ ዘይርከቦ ግፍዒታት ናይ'ዞም ጸላእቲ እዩ። ብረት ተሓንጊጣን ክፉፍ ዓጢቓን ኣብ ጎድኒ ብጾታ ብምስላፍ ምስ ጸላኢ ክትደራገም ዝወሰነት ሉተርናኤል፥ ብድርፎ ኣቢላ ኣብ ዓላ ድሕሪ ምእታዋ፥ ብቐጥታ ናብ መደበር ታዕሊም ብሌቓት - ሳሕል'ያ ኣምሪሓ። ብሌቓት፥ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዘይኮነት፥ ንፈተውራሪ ደቂ ተባዕትዮ እውን፥ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ብምስናቕ፥ መሳርዕ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምትርናዕ ማዕረ መደበር ታዕሊም ማህሚመት ትኾጥፍ ዝነበረት መሰልጠኒ ማእከል እያ ነይራ። ሉተርናኤል፥ ድሕሪ'ቲ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ታዕሊም፥ 'እንዳ ከቢድ ብረት' ብዝብል ልሙድ ኣጸዋውዓ ናብ ዝፍለጥ 'ብርጌድ 76' እያ ተወዚዓ። ኣባል 1ይቲ ሓይሊ፣ 3ይቲ ጋንታ፥ 3ይቲ መስርዕ ኮይና ድሕሪ ምምዳባ ከኣ፥ 'ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ' ተባሂሉ ከም ዝተመሰለ፥ ምስ ከቢድ ብረትን ከቢድ ቦምባን ውዒልካ ምሕዳር ዘለዎ ኩበደት ከሎ ገና ገሚታስ ንምግጣሙ መዓንጣኣ ሸጥ ኣበለቶ። ሉተርናኤል ናብ ብርጌድ 76 ድሕሪ ምምዳባ፥ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ናብ ካልእ ኣሃዱ ኣይተቐየረትን። ሓንሳእን ንሓዋሩን ኣባል ናይታ ብርጌድ ኮይና፥ ክሳብ እዋን ናጽነት ብዚሕን ትብዓትን ዝተዋግኣትን ዘዋግኣትን ጉዳም ሓርበኛ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ። ሉተርናኤል፥ ክሳብ'ቲ ጸላኢ 5ይ ወራር ዘካየደሉ 1981፥ ቡቲ ወለዳ ዘውጽኡላ ስም'ኳ ትፍለጥ እንተ ነበረት፥ ድሕሪኡ ግን 'ሰንጥቕ' ዝብል ሓድሽ ገድላዊ ስም



ካፕተን ሉተርናኤል ኣፈወርቂ (ሰንጥቕ)

ስለ ዝተጠመቐት፥ ሉተርናኤል ትብል ስም ነበረያ ነበረ ኮይና። ሓንሳእን ንሓዋሩን ከኣ ተረሲዓ። ሉተርናኤል፥ እታ 'ሰንጥቕ' እትብል ስም ዝጠበቐታ፥ ኣብ ቀይሕ መሬት - ሳሕል ምዃና'ያ ትሕብር። ንመጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት ጸላኢ ጸረ መጥቃዕቲ ንምፍጻም ኣብ ዝተገብረ ግጥም፥ "ንዑናይ እንዶ በዚ ሰናጢቕናዮ ንኺድ!" ድሕሪ ምባላ፥ ክሰንጠቕ ዘይከኣል ዝመሰል ዝነበረ መስገደል ሩባ ብምስንጣቕ ዓወት ስለ ዝተመዝገበ፥ ሓላፊኣ፥ "ድሕሪ ሕጂ ንሉተንክኤል ሰንጥቕ በሉዋ፣ ብስማ ኣይትጸውዕዋ፥" ኩብል ንትብዓታን ጅግንነታን ዝገልጽ ሳጓ ዘጥበቐላ። ሓደ ካብ'ቲ ዝዓበየን በሪ ናጽነት ዘርሓወን ሞራል ጸላኢ ዝሓምሸሸን በርቃዊ መጥቃዕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፥ ኣብ 1988 ዝተኻየደ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዚ እዩ ነይሩ። ሽዑ፥ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፥ ነቲ ዝተኻየደ መስተንክራዊ ስርሒትን ዝተጨበጠ ተኣምራታዊ ዓወትን ከምዚ ክብል ኣብ እዋኑ ገሊጹዎ ነይሩ፦ "...ህዝባዊ ግንባር፥ ንዓወት ግንባር ናቕፋ፥ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝተናውሐ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣውራ ድማ ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ምዕባለታት ናይ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣእትዩ እዩ ዝመዝኖ። እቲ መጥቃዕቲ ሓያል፥ ቅልጡፍን ዓሚቚ ስምብራት ዝገደፈን ምንባሩ ዘይከሓድ እዩ። ግዝኣት ኢትዮጵያ ንኤርትራ ካብ ዝንበጥዋ ንደሓር፥ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣእምሮኦም፥ 'መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ክቕጽል ድዩ ኣይቅጽልን'ዩ?' ዝብል ሕቶ፥ ከም ህጹጽ መልሲ ዘድልዮ እዋናዊ ጉዳይ ከም ዝለዓል ዝገበረ ስርሒት እዩ።..." መጽሔት ሳግም፥ ሕታም ቁ.14፥ መስከረም 1988።



ኣብ ኣፍዓበት ዝተማረኹ ሶቭየታውያን ወተሃደራውያን ኣማኸርቲ

**...ይቕጽል**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2026 . . .

ኣብ ካናዳ ከተማ ሞንትሪያል ዝሰላሰል ዘሎ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም 2026፡ ሎሚ ቀዳም ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ ብዘካይዳኦ ናይ ጽርግያ ውድድር ክቐጽል እዩ።

ኣብዚ ኤርትራ ብኣኽኦ ተቐዳደምቲ ሞናሊዛ ኣርኣያ እትወከሎ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ 180.1 ኪሎሜተር ክሸፍና እየን።

ሞናሊዛ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ርዋንዳ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ውድድር፡ ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ምውድዳራን ጸወታ ክትዛዝም ከምዘይከኣለትን ይዝከር። ሎሚ ዓመት ከኣ ናብ ዓበይቲ ሰጊራ ትርር ዝበለ ጸወታ ይጽበያ።

ከም ልሙድ ዝጸበየ ቀላሕታ ዝወጾ ውድድር፡ ዓበይቲ ተቐዳደምቲ ዘካይድዎ ናይ ጽርግያ ጸወታ እዩ። እዚ ኣብ መዛዘሚ ዕለት 27 መስከረም ዝሰላሰል ውድድር፡ ሰለስተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ - መርሃዊ ቅዱስ፡ ቢንያም ግርማይን ሄኖክ ምሉእብርሃንን ክሳተፍዎ እዮም። ተመሪጾም ዝነበሩ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን ናትናኤል ተስፋጼንን ግና፡ ቪዛ ስለዘይረኸቡ ካናዳ ኣይኣተዉን።

ኤርትራ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት 30 ተቐዳደምቲ ጥራይ ዝወድኣሉ ውድድር፡ ብመገዲ ኣማኑኤል መበል 30 ብምእታው፡ ዝለዓለ ደረጃኣ ሒዛ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ከኣ፡ ካብኡ ዝሓሸ ውጽኢት ከተመዝግብ ትጽቢት ይግበር።

ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ዓለም ታደይ ፖጋቻ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ቮልታ ስጳኛ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መውደቕቲ፡ ካብዚ ውድድር ተኣልዩ ብምህላዉ፡ ሎሚ ዓመት ሓዲሽ ዕወት ክገርኢ ኢና። ካብቶም ኣብ ናይ 273.4 ኪሎሜተር በዳሂ ጸወታ ክዕወቱሉ ዝኽእሉ ተቐዳደምቲ ብቐዳምነት ተሓጺዩ ዘሎ ከኣ፡ ኣብ 2022 ብዋሕ መጥቃዕቲ ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ ረምኮ ኢቨነፖል እዩ። እዚ ቤልጂዩማዊ፡ ዝሓለፈ ሰነ ሻምፕዮን ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ብምዃኑ ንራብዓይ ተኸታታሊ ዓመቱ ሻምፕዮን ግዜ ዓለም ክኸውን ክኢሉ እዩ።

ብዘይካዚ፡ ሆላንዳዊ ማቲዩ ቫን ደር ፑል፡ ቤልጂዩማዊ ዎት ቫን ኣርት፡ መክሲካዊ ኢሳቅ ደል ቶሮ፡ ፈረንሳዊ ፓል ሴክሰ፡ ብሪጣንያዊ ቶም ፒድ ኮክ፡ ከምኡ’ውን ኣመሪካውያን ብራንደን ማክናልቲን ኩን ሳይሞንስን ካብቶም ተጠመቲ እዮም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዝተወዳደረ ናሆም ኤፍሬም፡ ጸወታ ክዛዝም ኣይከኣለን።

**ጽቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!**

---

## “መሲ፡ ኣብ ቅኑዕ ግዜ እዩ ተፋንዩ” ዓላሚ ኣርጀንቲና



ድንቂ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ - ሊዮኔል መሲ፡ ኣብ ቅኑዕ ግዜ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ምፍናዉ፡ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና - ሊዮኔል ስካሎኒ ገሊጹ።

መሲ፡ ኣብ መወዳእታ ዕለት ናይ ወርሒ ኑሓሰ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ብጥሮታ ከምዝተፋነወ ምሕብሩ ይዝከር።

እዚ ወዲ 39 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ዝመጽእ 6 ጥቅምቲ፡ ሃገሩ ኣብ ከተማኣ ቦነስ ኣይረስ ምስ ቬን ኣብ እተካይዶ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ብምስላፍ፡ ናይ መፋነዊ ግጥም ከካይድ ምኻኑ ይግለጽ።

“ከምዚ ዓይነት ተጻዋታይ ከምዚ ዓይነት መፋነዊ ይግብኦ እዩ፡” ዝበለ ስካሎኒ፡ “ንዕኡ ምዕላመይ ፍጹም ተመክሮ እዩ፣ ፈለማ ሕልሚ እዩ ነይሩ። ክብረይ እዩ፣ ንዘተረፈ ሂወት’ውን ከምኡ እየ ክብሎ። ምኽንያቱ ብፍጹም ከምኡ ዓይነት ተጻዋታይ ስለዘይህሉ። ኣብ ቅኑዕ ግዜ እዩ ከኣ ዝፋኖ ዘሎ፡” ኢሉ።

ምስዛ ዋንጫ ዓለም 2022 ዘዕተራ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዝበቕዕ ውዕል ዝለዎ ስካሎኒ፡ ድሕሪ መሲ፡ መዘዙ ሓለቓ ጋንታ፡ ንክሪስቲያን ሮሜሮ ሂብዎ ይርከብ።

---

## ባህሪ ምባፐ ንሪያል ማድሪድ ኣቐጢዑ

ሽልማት ባሎን ዲ’ኦር 2026 ከምእትግባኦ ብተደጋጋሚ ኣብ ማዕከናት ዜና ዝተዛረበ - ኪሊያን ምባፐ፡ ንጋንታኡ ሪያል ማድሪድ ከምዘቖጥዓ፡ ጋዜጣ ስፖርት ሓቢሩ።

እዚ ፈረንሳዊ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰሙናት ምስ ናይ ሃገሩን ካልኦት ሃገራትን ማዕከናት ዜና፡ ብተደጋጋሚ ቃለ መሕትት ኣካይዱ እዩ። “ሎሚ ዓመት ክዕወተላ እታ ዝበለጸት እያ” ክብል ድማ ነዛ ብናይ ሃገሩ መጽሄት እትዕደል ውልቃዊት ሽልማት ክዕወተላ ከምእትግበኦ ገሊጹ። “ሎሚ ዓመት እንተዘይተዓዊተላ፡ ሕማቕ ክስመዓኒ ቁመናይ’ውን ክጎድልን ይኽእል እዩ።” እውን ኢሉ እዩ።

ምባፐ፡ ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ፒኤስጂ ናብ ሪያል ማድሪድ ካብ ዝጸንበረ ንደሓር፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመት ስፖርት፡ እዛ ጋንታ ዓበይቲ ጽዋኣት ክትዓትር ኣይከኣለትን።

ይኹን እምበር፡ ብውልቁ ናይ ዝሓለፉ ክልተኡ ወቕትታት ላ’ሊጋ ስጳኛ፡ ናይ 2025-26 ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ከምኡ’ውን ናይ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝለዓለ ኣቑጻሪ ሹቶ ክኸውን በቒዑ እዩ።



ቴሪ ሄንሪን ሮቤርቶ ካርሎስን ዝርከብዎም ገለ ስሙያት ናይ ቅድም ተጻወትቲ ድማ፡ ኣብዛ ሽልማት ንምባፐ ብቐዳምነት ዝሰርዕዋ እዮም።

ይኹን’ምበር፡ ባርሴሎና፡ ባየር ሙኒክን ፒኤስጂን ኑየም ኣብዛ ሽልማት ተመሪጾም ዘለዉ ተጻወትተን ምሉእ ደገፍ ኣብ ምሃብ ዝርከብ ክኾና ከለዋ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ዛጊት “ምባፐ ክዕወት ይግብኦ እዩ” ብምባል ኣብ ጎኑ ደው ኣይበለትን ዘላ።

ናይ ካታሎኛ ጋዜጣ ‘ስፖርት’፡ “ምባፐ፡ ነዛ ሽልማት ንክዕወት ደምዒ እዩ ዝልምን።” ክትብል ካብ ውሽጢ ሪያል ማድሪድ ረኺበዮ ንዝበለቶ ሓበሬታ ዘርጊሓ። ብባህሪ ምባፐ ዘይተሓጎሰት ማድሪድ፡ ንተግባራት ምባፐ ‘ዝተጋነነ’ ኢላቶ - ብመሰረት እዛ ምንጪ።

እንተኾነ፡ ምባፐ ኮነ ሪያል ማድሪድ ብዛዕባዚ ወግዓዊ ሓበሬታ ኣይሃቡን ዘለዉ።

ንመበል 70 ግዜኣ እትዕደል ሽልማት ባሎን ዲ’ኦር፡ 26 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ለንደን፡ ዕወት መን ምዃኑ ክትሕበር እያ። ንፈለማ ግዜ ካብ ፈረንሳ ከተማ ፓሪስ ወጻኢ እትዕደለሉ ዘላ ምኽንያት ከኣ ንክብሪ ናይ’ቲ ኣብ 1956 ናይ መጀመርያ ዕወት እንግሊዛዊ ሰር ስታንሊ ማቲውስ እዩ።

---

## ዚርክዚ፡ ብምእላይ ብሮቢ ጸውዒት ሃገሩ ረኺቡ



ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ - ጆሽዋ ዚርክዚ፡ ጸውዒት ሃገራዊት ጋንታኡ ሆላንድ ረኺቡ - ድሕሪ ምእላይ ብራያን ብሮቢ።

ብሮቢ፡ ሓሙስ ምሸት ምስ ጀርመን 1-ብ1 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታ፡ ብሰንኪ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ፡ ካብታ ሃገራዊት ጋንታ ተኣልዩ ኣሎ።

ምእላይ ናይዚ ኣጥቃዓይ፡ ነዛ ብዓባዪ ሄርናንደዝ እትዕለም ኤውሮጳዊት ጋንታ፡ ሓደ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ - ማክስ ሚርደያክ ጥራይ ሒዛ ክትተርፍ ቀሲቡዋ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሮማ ጽቡቕ ግዜ ዘሕልፍ ዘሎ ዶንየል ማለን፡ ኣቐዲሙ ብሰንኪ መጉዳእቲ ንሃገሩ ክገልግላ ኣይከኣለን።

በዚ ድማ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መዘኑ ምዕላም ናይዛ ጋንታ ዝተቐበለን ብቐድሚ ትማሊ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ዝመርሐን ዓባይ፡ ካልእ ኣጥቃዓይ ክጽውዕ ተቐሲቡ። ልዕሊ ዎት ወግሆርስትን መንፊስ ደፓይን ከኣ፡ ንጆሽዋ ዚርክዚ ብምሕራይ ጸዊዕዎ ኣሎ።

ወዲ 25 ዚርክዚ፡ ድሕሪ ሕዳር 2024 ፋልማይ ናይ ሃገሩ ጸውዒት ክረክብ ድማ በቒዑ ኣሎ።

ሆላንድ፡ ሰንበት ምስ ሰርቢያ ምስ ተጻወተት፡ ሓሙስ 1 ጥቅምቲ ንግሪኽ ክትገጥማ እያ።

---

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**መጻረዪ ጸወታ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2027 ቀዳማይ ናይ ምድላብ ጸወታ**

ኬንያ - ኤርትራ 4፡00 ድ.ቀ

**ኔሽንስ ሊግ**

እንግሊዝ - ስጳኛ 9፡45 ድ.ቀ

ቸክ ሪፓብሊክ - ክሮኤሽያ 9፡45 ድ.ቀ

---

## “ገንዘብ ስዑዲ ዓረብ ንደቂ ደቀይ . . .” ራይንደርስ

ኣብዚ ክረምቲ ካብ ማን ሲቲ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ቃዲሻ ዝተሰጋገረ - ቲያኒ ራይንደርስ፡ ንደቂ ደቁ ዝኸውን ገንዘብ ይግሕተ ምህላዉ ገሊጹ።

ኣብ ክረምቲ 2025 ካብ ኤሲ ሚላን ናብ ሲቲ ዝተሰጋገረ - ራይንደርስ፡ ወላ’ኳ ኣብ ሲቲ እኹል ገንዘብ ይኽፈል ምንባሩ እንተገለጸ፡ ናይ ስዑዲ ዓረብ ጠለብ ግና፡ ክንጸግ ከምዘይከኣል ኣፍሊጡ።

“ናይ ጸወታ ግዜይ ምስ ዛዘምኩ ካልእ ክሰርሕ ኣይደልይን እየ። ወላ’ውን ቡቲ ሲቲ ትኸፍለኒ ዝነበረት ገንዘብ ካልእ ስራሕ ዘድልየኒ ኣይነበረን፣ እንተኾነ፡ በዚ ናይ ስዑዲ ዓረብ ክፍሊት፡ መጻኢ ናይ ዝመጽእ ወለዶ ሰድራቤተይ ኣውሒሰ ኣለኹ።



ክሕሱ ኣይደልይን እየ፣ እዚ ውዕል ወላ’ውን ኣብ ደቂ ደቀይ ቁጠባዊ ዋሕስ ኮይኑ ኣሎ። ከም ዝማስለ፡ እዚ ጠለብ ኩሉ ሰብ ምተቐበሎ፡” ኢሉ።

ኣብ ማን ሲቲ ብዘወጾ ዝበረ ተራ ሕጉስ ከምዘይነበረ ዝገለጸ እዚ ሆላንዳዊ ኣከፋፋሊ፡ ዓመታዊ 20 ሚልዮን ዩሮ እዩ ናብ ማሕፉዳኡ ዝኣቱ ዘሎ።

ራይንደርስ ዓመታዊ 20 ሚልዮን ዩሮ ስለ እተኸፈሉ “መጻኢ ናይ ደቂ ደቀይ ኣውሒሰ” ዝበለ’ሰ፡ ዓመታዊ 200 ሚልዮን ዩሮ ዝኽፈል ዘሎ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ደኣ እንታይ ክብል እዩ።

---

## ተጻወትቲ ኣብ ዝባኖም ዝወድይዎ ነገር እንታይ እዩ፡

ኣብዚ ስፖርት ብኣዝዩ ምዕቡል መሳርሒታት ተሰንዩ ዝቐየደሉ ዘሎ እዋን፡ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ብዙሓት ሓደስቲ ምህዞታት ይተኣታተዉ እዮም።

ሓንቲ ካብዘን ምህዞታት፡ ተጻወትቲ ኣብ ሕቖኦም (ውሽጢ ማልያኦም) ለቢሶማ እትርኣ እያ። እዛ ሕቡጥ ኢላ እትርኣ ንእሽተይ ኤሌክትሮኒካዊት ምህዞ ምንቅስቓስ እትዕየር ‘ጂፒኤስ ትራከር’ ትብሃል።



ስራሕ ወይ ተራ ናይዛ ምህዞ ምንቅስቓስ ተጻዋታይ ትቆጻጸር ኮይና፡ ሓፈሻዊ ርሕቀት ዝሸፈኖ፡ ፍጥነት ወይ ሸኢ ዝገበሮ ኣብ ሰዓት ክንደይ ምዃኑ ትልክዕ።

ብዘይካዚ፡ ኣሰልጠንቲ ናይ ተጻወትቶም ስራሕ ወይ ጾር ክፈልጡን ክልክዑን እትሕግዞም ኮይና፡ እዚ ከኣ ካብ ድኻምን መጉዳእትን ዘድሕን እዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ንኣመሪካ ሓድሽ እማመ ውዕል ሰላም ኣቕሪባትላ

ኢራን ነቲ ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ቀድሚ ዝመጽእ ሕዳር ደው ንምባል ዘኽእል ሓድሽ እማመ ውዕል ሰላም፡ ንኣመሪካ ከም ዘቕረበትላ ተሓቢሩ።

እቲ ብኢራን ቀሪቡ ዘሎ እማመ ውዕል ሰላም፡ እቲ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ቅድሚ እቲ ዝመጽእ ሕዳር ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ናይ ፍርቂ እብረ ምርጫ ኣመሪካ ደው ክብል ዝጠልብ ብምዃኑ፡ ምስቲ ኣቐዲሙ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተዋህበ መግለጺ ዝጻረር ከም ዝኾነ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዝሓለፈ ሰሉስ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብቲ ኣብ ከተማ ኒዮርክ ዝካየድ ዘሎ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ ኢራን ወጽኢት ናይ ፍርቂ እብረ ምርጫ ሃገሩ ናብዩ ኣንፈት ከም ዝምርሐ ከይተዓዘበት ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ ድሌት ከም ዘይብላ ምግላጹ ይሕበር።

ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ኢራን ብዘርርብ ኣቢላ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ እንተ ዘይክኢላ፡ ኣብ ልዕሊኣ ደምሳሲ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከም ዝወስድ ምጥንቃቑ ይዝከር።

ፕረዚደንት ኢራን መስዑድ ፔዘሽኪያን፡ ጎደኒ ጎደኒ ሓፈሻዊ ኣኼባ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኣመሪካን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ክሳብ ዝመጽእ ሕዳር ክቕጽል ከም ዘይብሉን፡ እቲ ናብ ዋሺንግተን ተላኢኹ ዘሎ እማመ ሰላም ከኣ ኣብቲ ዝሓለፈ ሰ ዝዘበጽሐ ምርድዳእ ተመርኲሱ ዝተዳለወ ምዃኑን ኣጺሩ።



ፕረዚደንት ፔዘሽኪያን ወሲኹ፡ ሃገሩ ብኣመሪካ ፈጺማ ከም ዘይትንበርከኽ ድሕሪ ምንጋር፡ ኩናት ኢራን ደው ክብልን ዘይክብልን ኣብ ዋሺንግተን ከም ዝምርኮስ ኣገንዘበ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ዓራግቺ ብወገኑ ሃገሩ ንመጻኢ ሆርሙዝ ኣብ ውሽጢ እዞ ሰሙን ክትከፍቶን፡ እቲ ተቛሪጹ ዝጸንሐ ዝርርብ ብዝዕባ መደብ ኑክሌሳዊ ጸዓት ከኣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክትጀምርን ድልውቲ ምዃና ዝገልጽ እማመ ሰላም ብመንገዲ መንጎኛታት ኣቢላ ናብ ኣመሪካ ከም ዝሰደደት ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ ናብ ኣመሪካ ተላኢኹ ዘሎ እማመ ሰላም፡ ዋሺንግተን ነቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ኣጽዲቓቶ ዘላ ናይ ቁጠባ ማዕቀብ ከተልዕል፡ ኣብ ሰደድ ኑዳዲ ናይታ ሃገር ኣንቢራቶ ዘላ ቀይድታት ከተፋኽስ፡ ከምኡ'ውን ዘደስከሉ ፋይናንሳዊ ሕሳባት ናይታ ሃገር ከኣ ክትለቕቕ ተሓቲታ ኣላ።

## ስዑዲ ዓረብ - ኣብ መሳለጥያታት ጸዓት ብዘተኻየደ መጥቃዕቲ ዋጋ ነዳዲ ንሂሩ

የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ ኣብቲ ብመንግስቲ ስዑዲ ዓረብ ዝውሃን ግዙፍ መሳለጥያ ነዳዲ 'ኣራምኮ' ድሕሪ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ስዒቡ፡ ዋጋ ሓደ በርሚል ነዳዲ 105 ዶላር ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ሑቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ከተማታት ያንቡን ሪያድን ኣብ ዝርከብ ተኣፈፍቲ ትሕተ ቅርጺታት ናይ ሚሳይልን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን መጥቃዕትታት ከም ዘካየደ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ።

መንግስቲ ስዑዲ ዓረብ ብወገኑ ካብ ሑቲ ንዝተወንጨፈ ሽዱሽተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዘበርዓኖ እኳ እንተ ገለጸ፡ ኣብ ህይወት ሰብ ኮነ ንብረት ብዛዕባ ዘውረዶ ዕንወት ኣመልኪቱ ግን ዝሃቦ ሓበሬታ የለን።



ኣራምኮ፡ 10 ሚእታዊት ካብ ነዳዲ ዓለምና ዘፍሪ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዝርከብ ዓርሞሽሽ ኩባንያ ነዳዲ ምዃኑ ይንገረሉ።

ግጭት ስዑዲ ዓረብን ብኢራን ከም ዝድገፍ ዝነገረሉ ሑቲን እቲ ዋጋ ጸዓት ዓለምና ክንሀር ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ ኩናት ኢራን ንምዕራፍ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ይካየድ ኣብ ዘለወሉ እዋን ናብ ዘሸፍኣ ኣንፈት የምርሕ ምህላዉ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ኩናት ኢራን ክሳብ ደው ዘይበሉ ዋጋ ሓደ በርሚል ነዳዲ ናብ ትሕቲ 100 ዶላር ክወርድ ዝሕሰብ ከም ዘይኮነ ድማ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የጽንዑ።

ኢራን ነቲ ኣብ መንጎኣን ኣመሪካን ዝካየድ ዘሎ ኩናት፡ ቀድሚ ዝመጽእ ሕዳር ደው ንምባል ዘኽእል ሓድሽ እማመ ውዕል ሰላም፡ ብመንገዲ መንጎኛታት ኣቢላ ናብ ኣመሪካ ልኢኻ ምህላዋ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

## ኒጀርን ኣውስትራልያን፡ ኣብ ዕደና ዘተኮረ ስምምዕ ክቲመን

ኒጀርን ኣውስትራልያን ኣብ ዕደና ማዕድናት ዘተኮረ ስምምዕ ከም ዝኸተማ ተሓቢሩ።

እቲ ክልተኣዊ ስምምዕ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኒጀር ትካል ዕደና 'ዩራንዩም' ንምህናጽ ዘጠቓልል ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣውስትራልያዊ ኩባንያ ዕደና 'ማዳዎላ' 60 ሚእታዊት ብርኪ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ክህልዋ እንከሎ፡ መንግስቲ ኒጀር ድማ ዝተረፈ 40 ሚእታዊት ክውንን እዩ።

እቲ ፕሮጀክት ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባ ኒጀር እወታዊ ተራ ከም ዝህልዎ፡ ሰብ መዚ ናይታ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ይእምቱ።

ባህርያዊ ጸጋታት ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ብሰንኪ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ከም'ቲ ዝድለ ይምዝመዝ ከም ዘየለ እዮም ክኢላታት ዝረድኡ።



## ፈረንሳ፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ወተሃደራት ክትልእኽ ወሲና

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ናብ ስዑዲ ዓረብ ወተሃደራት፡ ራዳርን መከላኸሊ ኣየርን ክልእኽ ምዃኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ማክሮን ወሲኹ፡ እቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ክልእኾ ወሲኑ ዘሎ ወተሃደራዊ መሳርሒታትን ወተሃደራትን፡ ሪያድ ነቲ ብየመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ ኣብ ኣህጉራዊ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲታት ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ሚሳይላትን ንምምካት ክሕግዝ ምዃኑ ገሊጹ።

ማክሮን ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ዝለኣኹ ወተሃደራት ፈረንሳ፡ ኣብ ሓለዋ እቲ ኣብ ወደብ ስዑዲ ዓረብ ዝርከብ ስትራተጂያዊ መሳለጥያታት ጸዓት ክተጥፉ ደኣ'ምበር፡ ኣብቲ ግጭት ከም ዘይኣትዉ ኣረጋጊጹ'ሎ።

መግለጺ እቲ ፕረዚደንት፡ ስዑዲ ዓረብ ካብ ሑቲ ናብ ወደባዊት ከተማ 'ያንቡ' ከም ዝተወንጨፉ ዝገለጸቶም ሽዱሽተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዘበርዓነት ድሕሪ ምግላጻ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ስዑዲ ዓረብ ነቲ ካብ ሑቲ ዝፍንወላ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ንምምካት፡ ካብ ፈረንሳ፡ ብሪጣንያ፡ ፓኪስታንን ግብጽን ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም ዝሓተተት እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።




## ኮንጎ - ጃልባ ብምጥሓላ 41 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ቀላይ ታንጋኒካ - ዲሞክራሲያዊት ሪፐብሊክ ኮንጎ፡ ሓንቲ ጃልባ ብምጥሓላ ብውሕዱ 41 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 49 ሰባት ድማ ብህይወት ከም ዝደሓኑ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር መጓዓዝያ ክፍለ ሃገር ታንጋኒካ - ኖረስ ሙሎንጎዩ፡ ኣብታ ጃልባ ኣስታት 100 ሰባት ተሳፊሮም ከም ዝነበሩ ኣብ ርእሲ'ኡ'ውን ካልእ ጽዕነት ከም ዝነበረ ድሕሪ ምግላጽ፡ በቲ ሓደጋ ብርክት ዝበሉ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ ኣመልኪቱ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ እታ ጃልባ ካብ ወደብ ኪንግ - ታንዛንያ ተበጊሳ ናብታ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ከተማ 'ካለሚ' እናተጓዕዘት እንከላ፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ከም ዝጠሓለት ኣረጋጊጹ።

ኣብታ ልዕሊ 100 ሚልዮን ህዝቢ ከም ዘለዋ ዝነገረላ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ሓደጋታት ምጥሓል ጀላቡ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ እቲ ኣብ ቀደማት ዝስራዕ ጠንቂ ከኣ ልዕሊ ዓቕን ጽዕነት ምዃኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኪዳነ - ምሕረት | 26/09/2026 | ጎደና ሱሓርቲ - 835 ቁ.115፡ ከባቢ ቤ/ትምህርቲ ሰምበል | 07113046 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565